ስዒድ ሳልሕ /83
ሃይለ ጋርዛ /84
እድሪስ ሓንጋላ /85
ወልደዳዊት ተመስገን /86
ዓብደላ ጺጋይ /87
ማሕሙድ ሓሰብ /89
ባህልቢ ወልደማሪያም /92
ተኽለብርሃን ገብረጻድቕ /92

# ናይ መሞሪያል ጽሑፍ

**ነቶም ኣብ ሱዳን፡ ብእንዳ-72 ዝተቐትሉን ዝተጨውዩን መራሕትን ካድራትን ናይ ጀብሃ።**

## ክፋል - 1

ብሪፖተር ሃይለ መንገሻ ዑቕበ
ኦጉስት 18፡ 2018

## ኣባይቲ ህዝባዊ ግንባር

ብዛዕባ ሰመረ ርእሶምን ናይ እንዳ-72 ቅጽያዊ ተግባራት ኣብ ልዕሊ መራሕቲ ነበራት ወይ መጭወይቲ ካድራት ናይ ጀብሃ ቅድሚ ምሃበይ፡ ዝስዕብ መቕድም ከቕርብ እፈቱ።

ኣብ 80ታት፡ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ኣብ ካርቱም፡ ሱዳን፡ ብዙሓት በበይኖም ቅሉዓትን ስቱራትን ቤት ጽሕፈታት ነበርዎ። ኣነ ብወገንይ ዝፈልጦም፡ እዚኦም ኣብ ሊስታ ዘለው ኢዮም።



**ስውእ ስዒድ ሳልሕ ማሕሙድ**
ኣብ ጁን 5፡ 1983፡ ኣብ ከሰላ፡ ብነብሰ ገዳያት እንዳ-72 ተቐትለ።

ስዒድ ሳልሕ፡ ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ ኣዛዚ ብርጌድ 77 መራሒ ነበረ።

1. <u>ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር</u>፡ ኣብ ጅረፍ ሽጣ፡ ኣብ ትሕቲ ወዲ ፊተውራሪ ኮይኑ ንማንም ሰብ ቅሉዕ ዝኾነ ቤት ጽሕፈት ነበረ።
2. <u>ቤት ጽሕፈት ህዝባዊ ግንባር</u>፡ ኣብ ጅረፍ ሽጣ፡ ኣብ ትሕቲ ሰመረ ርእሶም ኮይኑ ሓውሲ ስቱር ቤት ጽሕፈት ነበረ።
3. <u>ቁጠባዊ ምምሕዳር</u>፡ ኣድራሽኡ ስቱር ዝኾነ ቤት ጽሕፈት ነበረ።
4. <u>ትካል ማሕተም ቲ-ሸርት</u>፡ ወድባዊ ጭርሖታት ኣብ ካናቴራታት ዝሓትም ዓቢ ትካል ኮይኑ ኣድራሽኡ ምስጢራዊ ነበረ።
5. <u>እንዳ ኣጋይሽ</u>፡ ኣብ ጥቓ ጅረፍ ሽጣ ዝርከብ በዓል 5ተ ደርቢ ዝኾነ ዓማራት ወይም ዓቢ ፓላሶ ነበረ። ኩሎም ካብ ሜዳ ንወጻኢ ዝገሹ ወይ'ውን ካብ ወጻኢ ንሜዳ ዝኣትዉ ተጋደልቲ መዕረፌኦም፡ እዚ ደርማስ ዝኾነ ህንጻ ነበረ።
6. <u>ክለብ ወይም ካፌ-ቤት</u>፡ ዝኾነ ኤርትራዊ ዓሚል ባጤራታት ክሕሽሸሉ ዝኽእል፡ ቢዚ ዝኾነ ክፉት ንግዲ ቤት ነበረ።

ብዘይካ ቁጽሪ 1ን 6ን፡ ዝተረፉ ኣባይቲ ንሲቪልያን ምእታው ክልኩላት ነበሩ።

ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብ ካርቱም ብህላውነቱን ብግዝፊ ትካላቱን ዓርሞሸሻዊ ነበረ። ህዝባዊ ግንባር፡ ንኹሎም ኣብ ካርቱም ዝርከቡ ኤምባሲታት ናይተን ሓያላት መንግስታት ከይተረፈ፡ ብዘይካ ናይ ሕ. መ. ኣሜርካ፡ ብዕብየት ትካላቱን ህላውነቱን ይበልጾም ነበረ።

እዚ ዓርሞሸሽ ናይ ኣባይቲ፡ እቲ ውድብ ብዓንተብኡ ርኹስ ምንባሩ የግህደልና። ህዝባዊ ግንባር'ሲ ካብቶም ናይ ኣፍሪቃ ሓርነታዊ ምንቅስቓሳት ሓደ ክነሱ እዞም ኩሎም ዝተፈላለዩ ስቱራትን ቅሉዓትን ኣባይቲ ኣብ ካርቱም ስለምንታይ ኣድለየ?

መልሱ፡ እቲ ውድብ ግዙፍ ዝኾነ ናይ ስለያን ቅትለታትን ስርሒታት፡ ማፊያዊ ዝኾኑ ናይ ጸሊም ዕዳጋ ቢዝነሳት፡ ህዝቢ ንምቁጽጻርን ንምብሓትን ዘኽእሉ ትካላት ይጥቀም ብምንባሩ፡ ንምስጢራውነት ተባህሉ'ዩ እዞም 6ተ ዝጸብጸብኩልኩም ኣባይቲ ዝውንን ነበረ።

ግደ ፍትሒ ግን ህዝባዊ ግንባር፡ ገንዘብን ርሃጽን ደምን ናይ ህዝቢ ዝስምዖ ሓርነታዊ ምንቅስቓስ ኤሩ ተዝኸውን'ስ፡ እዚ ዓርሞሸሻት ኣምበይ'መድለይዎን። ካብ ሓደ ወይ ክልተ ጥርኑፋት ቤት ጽሕፈትታት ንላዕሊ ኣይመድለዩን። ከም ሓደ ሓላይን ትጉህን ውድብ፡ ግዳም ህላውነቱ ኣጸቢቑ ቁንጽብ ኣቢሉ፡ ባጤራታቱን ንያቱን ቆላሕትኡን ናብ ሜዳ ኣቕኒዑ፡ ክቃለስ ምተገብአ።

********************

ኣነ፡ ካብ መፋርቕ 80ታት፡ ንደሓር፡ ኣብ ካርቱም እንኮለኹ፡ ኣባል ናይ ኣካያዲት ሽማግለ፡ ናይ ህዝባዊ ግንባር ሓፋሽ ውድባት፡ ጨንፈር ካርቱም ነበርኩ። ብተወሳኺ ኣብ ሱዳን ነዊሕ ዘይከረመ፡ ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር ነበር፡ ነበርኩ።

ከም ኣባል ኣካያዲት ሽማግለ ናይ ጨንፈርን ከም ተጋዳላይ ነበርን መጠን፡ ኣነ ኣብቲ ውድብ፡ ንእሽቶ ናይ ሰኩሪቲ ክሊየራንስ (ተኣማንነት) ስለዝነበረኒ፡ ብስራሕ ወይ ሰብ ንምብጻሕ፡ ን6ቲኤን ኣባይቲ ህዝባዊ ግንባር፡ ብኣካል ክኣትወንን ብዓይነይ ክርእየንን በቒዐ ኢየ። ሰኩሪቲ ክሊየራንስ ዘይብሉ ሰብ፡ ከምቲ ዝገለጽክዎ፡ ኣብ ኑሜሮ- 1 ወይ ኣብ ኑሜሮ- 6 ብቻ ክኣቱ፡ ይፍቀድ ነበረ።

ኣነ፡ ዋላ'ኳ ኣብ 1985 ምግዳል ጠንጢነ ኣብ ሱዳን እንተነበርኩ፡ ብድሮ ተጋዳላይ እንኮለኹ ኣድጊ ህዝባዊ ግንባር፡ ሕጂ'ውን ኣብ ካርቱም ኣድጊ ህዝባዊ ግንባር ኮይነ ምቕጻል ስለዘየቛረጽኩ፡ እቲ ውድብ ንዓይ ኮርት ማርሻል ኣየበለንን። ጠቕላላ ኣገልግሎተይ ርእዮም፡ ተጻዊሮሙኒ።

ልቢ ንበል! ካብዞም 6ተ ኣባይቲ ህዝባዊ ግንባር፡ ኑሜሮ ዱው፡ ማለት ቤት ጽሕፈት ህዝባዊ ግንባር ወይም ቤት ጽሕፈት ሰመረ ርእሶም፡ እቲ ዝላዓለ ፖለቲካውን ስልጣናውን ትካል ናይ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ሱዳን ነበረ።



ሰመረ ርእሶም፡ የእዳዉ ብደም ጀጋኑ ዝጨቀወ ዕሉል ናይ ቅጽያ ሰብ።

## ቤት ጽሕፈት ሰመረ ርእሶም

**ሰመረ ርእሶም፡ ዝላዓለ ወኪል ናይ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ሱዳን ነበረ። ከምኡ ድማኒ ዝላዓለ በዓል መዚ ናይ ሕቡእ ሰልፊ ኣብ ሱዳን ነበረ።**

**ቤት ጽሕፈት ሰመረ ርእሶም፡ ኣብ ሕምብርቲ ናይቲ ብብዝሒ ኤርትራውያን ዝቕመጥዎ ጅረፍ ሽጣ ዝተባህለ ዞና ናይ ካርቱም ነበረ። ብተወሳኺ እቲ ቤት ጽሕፈት፡ ኣብ ጥቓ ቤት ጽሕፈታት ናይ ውድባት ኤርትራ ከምኒ ናይ ሳግም ቤት ጽሕፈት ወይ ናይ ሰውራዊ ባይቶ ቤት ጽሕፈት ነበረ።**

**ቤት ጽሕፈት ሰመረ ርእሶም፡ ንመብዛሕቶም ኣብ ካርቱም ዝቕመጡ ኤርትራውያን፡ ሲቪል ይኹኑ ፖለቲካውያን፡ ሃለዋቶም ኣብ ትሕቲ ቅርበታዊ ራዳር የእቲዩ፡ ብቐረባ ዝከታተልን ዝስልን ቤት ጽሕፈት ናይ ህዝባዊ ግንባር ነበረ።**



<u>ስዉእ ሃይለ ጋርዛ</u>
ኣብ ጁን 24፡ 1984፡ ኣብ ካርቱም፡
ብነብሰ ገዳያት እንዳ-72 ተቐትለ።

ሃይለ ጋርዛ፡ ተጋዳላይ ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ነበረ። ተ. ሓ. ኤ.፡ ኣብ 1982፡ ሱዳን ድሕሪ ምእታው፡ ሃይለ ጋርዛ፡ ኣቦ ወንበር ናይ Eritrean Red Cross and Crescent Society (ERCCS) ዝተባህለ ናይ ግብረ ሰናይ ማሕበር ነበረ።

ERCCS፡ መቐናቕንቲ ናይቲ ህዝባዊ ግንባር ዝውንኖ ናይ ግብረ ሰናይ ማሕበር Eritrean Relief Association (IRA) ኮይኑ ስለእተወስደ፡ እቲ ህርኩትን ምሁርን ኣቦ ወንበር ሃይለ ጋርዛ፡ ኣብ 1984፡ ኣብ ካርቱም ብነብሰ ገዳያት እንዳ-72 ተቐትለ።

**ERCCS**

ERCCS፡ ብሓልዮት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ ኣብ 1975 ዝተመስረተ ናይ ግብረ ሰናይ ማሕበር ነበረ። እዚ ማሕበር፡ ኣብ ሱዳን፡ ንኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ምዕቛብ፡ ናይ ረዳኤት መግብታት ኣብ ምዕዳል፡ ቤት ትምህርትታት ኣብ ምኽፋት፡ ሰብኣዊ ራህዋ ዝፈጥር ዝነበረ ናይ ግብረ ሰናይ ማሕበር ነበረ።

ተ. ሓ. ኤ.፡ ኣብ 1982፡ ሱዳን ድሕሪ ምእታው፡ ናብ ሰለስተ በበይኖም ውድባት ማለት 1ይ፡ ተ. ሓ. ኤ. 2ይ፡ ሳግም 3ይ፡ ተ. ሓ. ኤ. ሰውራዊ ባይቶ ምስተፈናጨለ፡ እቲ ናይ ግብረ ሰናይ ማሕበር Alliance of Eritrean Red Cross and Crescent Societies (AERCCS) ዝብል ሓድሽ ስም ለቢሱ፡ ኣብ ትሕቲ ተ. ሓ. ኤ. ሰውራዊ ባይቶ ኣተወ።

Alliance of Eritrean Red Cross and Crescent Societies፡ ምስ ዘገምታዊ ምዕባሌታት ናይ ተ. ሓ. ኤ. ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ ትሕቲ Eritrean Peoples Party (EPP) ከምኡ እናበለ ድማኒ ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ትሕቲ ሓልዮት Eritrean Peoples Democratic Party (EPDP) ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ይርከብ።

**እንዳ-72**

ቤት ጽሕፈት ሰመረ ርእሶም፡ ናይ መላእ ሱዳን፡ መናሃርያ ናይ ሕቡእ ሰልፊ ነበረ። ኩሎም ኣብ ሱዳን ዝፍጸሙ ዝነበሩ ስለያታት፡ ቅጽያታት (Assassinations) ይኹኑ ጭውያታት ካብ ቤት ጽሕፈት ሰመረ ርእሶም ብዝዋፈሩ እንዳ-72 ተባሂሎም ዝስመዩ ኣባላት ይፍጸም ነበረ።

እንዳ-72፡ ናይ ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ናይ ወጻኢ ስለያዊ ስርሒታት (Foreign Intelligence Service) ማለት'ዩ። ብኻልእ ኣቀራርባ እንዳ-72፡ ናይ ኣሜሪካ CIA ወይ ናይ ኢስራኤል MOSSAD ማለት ኢዩ።



ስዉእ እድሪስ ኢብራሂም ሓንጋላ

ኣብ ሰፕተምበር 20፡ 1985፡ ኣብ ከሰላ፡ ብነብሰ ገዳያት እንዳ-72 ተቐትለ።

እድሪስ ኢብራሂም ሓንጋላ፡ ኣብ ተ. ሓ. ኤ. ኣዛዚ ናይ ከቢድ ብረት ብርጌድ 19 ነበረ።

ኩሎም ኣባላት እንዳ-72፡ ኣባላት ሕቡእ ሰልፊ ነበሩ።

ኣብ ኩሎም ኤርትራውያን ዝቐመጥሎም ኮሚዩኒቲታት፡ ጽላሎት እንዳ-72 ዘየንጸላልዎ ማንም ከተማ ይኹን ስፍራ ናይ ሱዳን ኣይነበረን፡ ቶኮር . . . መራፌት . . . ስዋኪን . . ፖርት ሱዳን . . . ካርቱም . . . ወድ መደኒ . . . ገዳርፍ . . . ከሰላ . . . ቦታትት ላጅን ከምኒ ወድ ሸሪፈይ . . . ሸገራብ . . . ወድ ኣል'ሒለው . . . ወዘተ።

ኣብ 80ታት፡ እንዳ-72 ንመላእ ሱዳን ናይ ቅጽያታት ሕዛእቶም ስለዝገበርዋ፡ “እከለ ተቐቲሉ . . . እከለ ሞይቱ ተረኺቡ” ዝብሉ ወረታት ወይ ዜናታት፡ ኣብ ኩሎም ኤርትራውያን ዝቐመጥሉ ከባቢታት ናይ ሱዳን ብቐጻሊ ይንዝሑ ነበሩ። በዚ ምኽንያት፡ ኣብ ሱዳን፡

ኣብ ትሕቲ ቀጻሊ ራዕዲ ምንባር፡ ንማንም ኤርትራዊ ንቡር ሂወት ኢዩ ዝነበረ።

<u>ሕቡእ ሰልፊ</u>

ሕቡእ ሰልፊ፡ ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ኣብ 1974፡ ኣብ ውሽጢ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝተኸሎ ምስጢራዊ ናይ ሰለያ ውድብ ነበረ። ወግዓዊ ስም ናይዚ ምስጢራዊ ውድብ "ሕቡእ ሰልፊ" ነበረ። ዘይወግዓዊ ስሙ ድማኒ "ህዝባዊ ሰውራዊ ግንባር ኤርትራ፡ Eritrean Peoples Revolutionary Party (EPRP)" ነበረ።

ኩሎም ኣባላት ሰልፊ፡ ነቲ "ሕቡእ ሰልፊ" ዝብል ወግዓዊ ስም ጥራይ ከዘውትሩ ሰልፋዊ ኣገባብ ስለዝነበረ፡ "ህዝባዊ ሰውራዊ ግንባር ኤርትራ" ዝብል ስም ምጥቃም ዲስፕሊናዊ ኣይነበረን።

ሕቡእ ሰልፊ፡ ከም ጸጥታዊ ትካል ናይ ኢሳያስ ኣፈርወርቂ፡ ካብ 1974 ክሳብ 1994 ተጓዕዘ። ኣብቲ ኣብ ናቕፋ፡ ኣብ ፌብሩዋሪ 10-17፡ 1994፡ ዝተጋብአ 3ይ ውድባዊ ጉባኤ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ኢሳያስ ንፈላማ ግዜ፡ ኣብ ውሽጢ ህዝባዊ ግንባር ሕቡእ ሰልፊ ከምዝነበረ ብወግዒ ገለጸ። "ኣብ ውሽጥኹም ሰልፊ ኔሩ'ዩ" በሎም፡ ንጉባኤኛታት። "ሕጂ ግን ስለዘየድሊ፡ ፈረሱ'ዩ" በሎም።

እቲ "ፈሪሱ'ዩ" ዝብል ዘረባ ናይ ኢሳያስ፡ ሽጣራ ብቻ ነበረ። ድሕሪ 3ይ ውድባዊ ጉባኤ፡ ኢሳያስ ከምቲ ኣብ 1974 ዝገበሮ፡ እንደገና ብምስጢር ደርማስ ዝኾነ ሃገር ከተት ሓድሽ ሕቡእ ሰልፊ መስሪቱ፡ ንመላእ ኤርትራ፡ ኣብ ትሕቲ'ዚ ዳግማይ ሕቡእ ሰልፊ ገጥ ኣቢሉ፡ ቛረና። ስም ናይዚ ዳግማይ ሕቡእ ሰልፊ፡ "ኤርትራዊ ማሕበርነታዊ ሰልፊ (ኤ.ማ.ሰ.)፡ Eritrean Soialist Party (ESP)" ኮነ።

እቲ ካብ 1974 ጀሚሩ፡ በብእዋኑ መድረኻዊ ኢቮሉሽናት እናገበረ ክመጽእ ዝጸንሐ ጸጥታዊ ትካል ናይ ኢሳያስ ኣፈርወርቂ፡ ኣብዚ እዋን "ሃገራዊ ድሕነት፡ Hagerawi Dihnet" ተባሂሉ ይጽዋዕ።

## ቀዳማዊ ዕማሞ

እንዳ-72፡ ኣብቶም ኣብ ሱዳን ዝፍጽምዎም ዝነበሩ ቅጽያዊ ስርሒታት፡ ከም ቀዳማዊ ዕማሞ ዘቐመጥዎ፡ ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ መራሕቲ ነበራት ምቕታል ነበረ። በዚ መሰረት ንስዒድ ሳልሕ ኣብ 1983 . . . ንሃይለ ጋርዛ ኣብ 1984 . . . ንእድሪስ ሓንጋላ ኣብ 1985 . . . ንወልደዳዊት ተመስገ ኣብ 1986 . . . ንዓብደላ ጸጋይ ኣብ ኣብ 1987 . . . ንማሕሙድ ሓሰብ ኣብ 1989 ቀተልዎም።

እንዳ-72፡ ንባህልቢ ወልደማሪያምን ተኽለብርሃን ገብረጻድቕን (ወዲ ባሻይ) ዝተባህሉ ካድራት ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ 1992፡ ካብ ከሰላ ጨዊዮም ሃለዋቶም ኣጠፊእዎም።

እዞም ናይ ጀብሃ መራሕቲ ነበራት ክቕተሉ ዝተወሰነሉ ምኽንያታት ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ኣብ ልዕሊ ጅብሃን መራሕታ ነበራትን ካብ ዝነበሮ ክቱር ጽልኢ ዝተበገሰ ነበረ።

ተ. ሓ. ኤ.፡ ሱዳን ድሕሪ ምእታው፡ ኣብ ጅብሃ ምፍንጫላትን ዘገምታዊ ምምኻኽን ስለዝሰዓበ፡ ኩሎም በዓል ስዒድ ሳልሕ፡ ሃይለ ጋርዛ፡ እድሪስ ሓንጋላ፡ ወልደዳዊት ተመስገ፡ ዓብደላ ጸጋይ ይኹን ማሕሙድ ሓሰብ፡ ናብ ሲቪላዊ ሂወትን ናብ ሓሓዳሮም ምምራሕን ዝተመልሱ ሰላማውያን ዜጋታት ነበሩ። ንቅጽያዊ ቅተለታት ዘፍርድ ምኽንያት ኣይነበሮምን እንትርፊ ክቱር ጽልጺ ናይ ኢሳያስ።


ሃይለ መንገሻ ዑቕበ
ስልኪ፡ 416-858 935
ኢመይል፡ haileokbe@yahoo.com


Seed Saleh    Haile Garza    Idris Hangala    Woldedawit Temesgen
Abdella Tsegai    Mahmoud Hasseb    Bahlibi Woldemariam
Teklebrhan Ghebresadick (Wedi Bashai)


ይቕጽል ናብ ክፋል - 2